# <u>ኣማኑኤል ኣስራት ኣቦ ብርዒን፡ ልሳን-ህዝብን፡</u>

ጅጋኑ ጋዜጠኛታትናን ደለይቲ ለውጥን ካብ ዝቕየዱ እነሆ ሓሙሽተ ዓመቶም ኣቑጽሮም። እዞም መርሖ ዲሞክራስን ፍትሕን ኾይኖም ቅዖማዊት ኤርትራ ክትህልወና ዝጠለቡ ጀጋኑ፡ መስትያት ኾይኖም ንኤርትራን መራሕታን ብጉልጽ ዘርኣዩና ጀጋኑ፡ ልሳን ህዝቢ ኾይኖም ዝቐነነ ክቐንዕ፡ ዝጨከነ ልቢ ክርህርህ፡ ዝጓዕጸጸ ኸክሕስ፡ ዘይተማህረ ወገን ክማሃር፡ ዝጻዓረ ዓሰቡ ክረኽብ፡ ዝዓነወ ክህነጽ፡ ልዕልና ሕግ ክኽበር፡ እወ ብድሆ ኣንጻር ኩሉ ማሕለኻታት ኣብ ክንዲ ዝበሉ። ነቲ ልሳን ዝሳኣነ ህዝቢ ልሳን ዝኾኖም ኣብ ክንድኡ ንስለ ፍትሒ ካብ ዝፈትውም ቤተሰቦም ተፈልዮም ኣብ ጉድጓድ ሰፊሮም እንዳረኤና፡ እንተስ ጃጁና፡ እንተስ ተዓዝምና፡ እንተስ ተዳሂልና ስቕ ምምራጽና ኣዝዩ ዘገርም ነገር እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ተኸታተሊ መደብና ታሪክን ሞያን ስለ ፍትሒ ዝተሓየሩ ኣባላት ማእከላይ ኣባላት ቦይቶ ኣቕሪብናልኩም ኔርና። ንሎሚ ተኸታታሊ መደብ ድማ ታሪክ ጀጋኑ ጋዜጠኛታትና ሕዝናልኩም ቐሪብና ኣለና። ናይ ሎሚ መደብና ዘመነ ፍትሒ፡ ዘመነ ልዕልና ሕጊ፡ ዘመነ ናጻ ሓሳብካ ምግላጽ (ናጻ ፓረስ)፡ ዘመነ ትምህርትን ምዕባለን፡ ዘመነ ምክብባር፡ ዘመነ ዲሞክራሲ ክርእይ ዝተመነየን ዝጻዓረን መንእሰይ “ዘመን” ዝብል ጋዜጣ ሕዙ ታሪክ ዘይርሰዖ ዓቢ ጅግንነት ዝፈጸመ ስነ-ጥበባዊ ኣማኑኤል ኣስራት ሕዝናልኩም ቐሪብና ኣለና።

ኣማኑኤል ኣስራት ማእከላይ ሰፈር ኣስመራ እዩ ተወሊዱ ዓብዩ። ናይ መባእታ ትምህርቱ ኣብ ሰሜናዊ ኣስመራ፡ ካልኣይ ደረጃ ኣክርያ ማእከላይ ደረጃ ቤ/ት፡ ላዕለዋይ ደረጃ ድማ ሰሜናዊ ኮኮብ (ሳንታኣና) ቤ/ት። ድሕሪ ምምሃሩ ዲፓሎማ ትምህርቱ ንምቅጻል ባህርዳር polio-technique ምስ ከደ ብኡ ኣቢሉ ኣብ 1990 ድማ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1996 ኣብ ኣስመራ ዮኒቨርስቲ soil and water conservation ድሕሪ ምምራቑ።  ኣብ ሚኒስትሪ ማይን ኣከባቢ ስርሑ ጀመረ። ብመሰረት ሕጊ ፕረስ ዝእዝዞ ኣብ 1997 ከም ዋና ኣሰናዳኢ ዘመን ብሕቲ ጋዜጣ ከፊቱ ልሳን ህዝቢ ኾይኑ ሞያ ስነጥበቡ  የዕንቱ ሰለም ከየበለ ንህዝቡ ግዚኡን ኣእሙሩኡን ዝወፈየ ተባዕ ዜጋ እዩ። ኣብ 1998 ደቦዊ ኩናት ምስ ጀመረ እጀሙ ንምብርካት ድማ ከቲቱ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታት ተመዲቡ ሃገሩ ብትብዓት ዝተከላኸለ ዜጋ እዩ።

ኣማኑኤል ገና ናይ መባእታ ተማሃራይ እንከሎ እቲ ፍሉይ ስነ-ጽሑፍ ክእለቱን ዝንባልኡን ዝጀመሮ። ዓመት መጸ መዕጸዊ ቤት ትምህርቲ ግጥሚ ከየበርከተ ሓሊፉ ኣይፈልጥን ከምዚ ሎሚ በዞም ገበርቲ እከይ የእዳውን ሓንጎልን ኣማኑኤል ዛራ ግጥምታት ጽሑፋትን ንከየፍስሳ ከይተታሕዛ ከለዋ። ኣጻብዕ ኣማኑኤልን ብርዕን ክፈላለያ ማለት ዘበት  እዩ ኔሩ። ገበርቲ እከይ ናይ ኢዶም ደኣ ኣይስኣኑ እምበር ስነጥበባዊያን ዳጉንካ ደጊም ስነጥበብ ኤርትራ ጓሳ ረከበት ማለት ዘይሕሰብ እዩ።

ኣማኑኤል ኣብ ስነጽሑፍ ጥራይ ዘይኾነ ብልሑ። ኣብ ትምህርቱ እውን ኣዝዩ ብሉጽ ተማሃራይ እዩ ኔሩ። ጎኒ ጎኒ እዚ እውን ሃገራዊ ስምዕቱ ኩቱር እዩ ኔሩ። ከምዚ ሎሚ ድምጺ ሓፍሽ ኣብ ዝባን ኣስመራ ፈርቶ ደይባ መዳከሪት ገፋዕቲ ከይኾነት ከላ። ኣብ ሳሕል ገርግር ኣስመራ ኾይና እዚ ድምጺ ሓፍሽ ኤርትራ እዩ ክትብል እንከላ ኣማኑኤል መዓልታዊ መደባ ኣምልጣቶ ሓሊፉ ማለት ዘበት እዩ ኔሩ። ስለዝኾነ ድማ ኣማኑኤል ጽልወኡ ኣብ ልዕሊ መዛንኡ ቀሊል ኣይነበረን። ጽልውኡ ቅሊል ስለዘይነበረ ድማ'ዩ፡ ንእሽቶ ሓዉ ገና ትሕቲ ዕድመ 4ይ ክፍሊ እንከሎ ንሜዳ ዝወጸ።

ኣማኑኤል ንእሽቶ ሓዉ ቐዲምዎ ብምግዳሉ ስለዘይተዋሕጠሉ ዝያዳ ናይ ምግዳል ድሌቱ ጥርዚ በጺሑ ንሜዳ ክወጽእ ዘይገበሮ ፈተነ ዳርጋ ኣይነበረን። ግን ሽዑ ካብ ኣስመራ ንምውጻእ ዘይከኣል እዩ ኔሩ ዳርጊ ንህዝቢ ኣስመራ ብሓለዋ ኣጺቢቡ እዩ ሕዝዎ ኔሩ። ክምዚ ሕጇ ህግደፋዊያን ናብ ኣስመራ መንእሰይ ከይትኣትዉ እንዳበሉ ኣጽቡቦሞ ዘለው።

ኣማኑኤል ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ንምቅጻል ንኢትዮጵያ ባህርዳር ምስከደ ትምኒቱ ጋህዲ ኾይኑ ብኡ ኣቢሉ ኣብ 1990 ንሜዳ ተሰሊፉ። ታዕሊም ድሕሪ ወዲኡ ንክምህር ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምስ ተመደበ። ንዕኡን ምስኡ ዝተመደቡ ሓደስቲ ኣባላት  “ናይ ደርጊ ተማሃሮ” እንዳተባህሉ ዘይተጸበይዎ ባጫን ናይ ስነ-ኣእምሮ ኩናት ብሓደ ሓደ ዘይብሱላት ገዳይም ምምሃራን ምስ ኣጋጠሞ። ኣማኑኤል ኣብ ምዝንጋዕ መደብ በቲ ውሕሉል ዝኾነት ክእለቱ ኣቢሉ ውቅብቲ ማሃሪት ዝኾነት ግጥሚ ኣቕረበሎም **“ተንኩሊ በልክዋ ንነብሰይ”** ክብል ብሓፊሻ ተንኮል ወዲ ሰብን ቁኑዕ ልቢ ሰብን እትድህስስ ንሓንቲ ዕላማ ዝተዋፈሩ የሕዋትን ኣሓትን ክሰምሩ እትላቦ መሃሪትን መዓዲትን ዓባይ ግጥሚ ኣቕሪቡ ተማሕጺኖም።

ድሕሪ ናጽነት እውን ኣዝዩ ቡዙሕ ዝኾነ ስነጽሑፍ ኣበርኪቱ እዩ። ኣብ ምዕንባብ ስነጥበብ ኤርትራ ድማ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ መንእሰይ እዩ። ብፍላይ በታ ኣዝያ ህብብትን ፍትውቲን ዝነበረት ጋዜጣ ዘመን ብኣዝዩ ዝፈትዋ ንእሽቶ ሓብቱ “ምስጋና” ብዝብል ብርዒ ስም ብምጥቃም ኣብ ዓምዲ ስነጥበብ ተኸታታሊ ጽሑፍት ኣቕሪቡልና እዩ። ኣማኑኤል ሓደ ካብቶም መስረቲ “ቁርሲ ቀዳም ኣብ ጥዓሞት” እትብል ቀዳም፡ ቀዳም እትዳሎ ዝነበረት ሰነጥባዊት ማኣዲ። ዓምዲ ኩርናዓት ገጠምቲ እውን ዛራ ግጥምታቱ ኣርዊና እዩ። ክሳብ ጋዜጣ ተዓጽየን ኤርትራ ናይ ሓበሬታ ጋሃነብ እትቅየር ተከታታሊ ጽሑፉት ኣማኑኤል ንኣንብብቲ ልቢ ዘረስርስ፡ እንዳዘናገዐ ንኣስናና ፍሽክ ዝምጽውት ጽሑፍት ጀባ ኢሉ ኣርዊና እዩ። ብዙሓት ኣንበብቲ ድማ ንኣማኑኤል ኣድናቆቶም ገሊጾም እዮም። ብተወሳኺ እውን ንድምጻዊያን ዳዊት (ሽላን) ንዮሃንስ ትካቦ (ወዲ ትካቦ)  ኣብ ደርሰት ግጥሚ ምትሕግጋዙ ተፈሊዎም ኣይፈልጥን። ንእብነት **“ሃገረይ ንመኖም ተፍቅሪ”** ትብል ደርፊ ወዲ ትካቦ ብህያብ መልክዕ ኣበርኪትሉ እዩ። ኣብ ድርሰት ተዋሰኦ እውን ምሕግጋዝ ብርክት ዝበለ ተዋሰኦታት ኣቕሪቡ እዩ።

ከም መርኣያ ናይቲ ልዑል ስነ-ጥበባዊ ክእለቱ ኣብ 1999 ብደረጃ ሃገር ዝተዳለወ ናይ ስነጽሑፍ ውድድር ግጥሚ **“እበሳ ኩናት”** እትብል ዓባይ ግጥሚ ወዲ ኣስራት ቀዳማይቲ ብሙኳን ናይ ገንዝብ ብልጫ ከምዝረከበት ሓቢሩና ኔሩ እዩ። ዕድል መርብብ ኢተርነት ዘይረከብኩም ሳዕቤን ኩናትን ሰዓርን ተሳዓርን

ዝከስሩሉ፣ ኩናት ኣብ መንነ ክልተ ፍቁራት ሙኻኑ፣ ኩናት ወጊድ ክንብሎ ከምዝሐበረና ተከታቲልና እና። ደደጋጊምኩም ከተስተንትንዎ እነሂልኩም ግጥሚ ወዲ አስራት፣

እሞ ህዝቢ ልሳንካ ኮይኑ ስቃይካን ሓጎስካን ዘቃልሐ ኣማኑኤል በዞም ስቃይን ቃንዛ ህዝቢ ቅጭጭ ዘይብሎም ህድግ-ለነ ዘይብሎም ህግደፋዊያን ኣብ ጎዳጉድ ሰፊሩ፣ ልሳኑ-ተለኺቱ ኣሎ። ብሓቂ ኣማኑኤልን ብጻቱን ንክክሰት ዝክእል ዘይሓዊ ሓደገኛ ሳዕቤን ኩናት ኣምሪሮም ተማሕጺኖም ፍትሕን ቅዋምን ዘለዎ ሃገር ክትህለወና ተላብዮም። ነዚ ስለዝበሉ ብዘይሕጊ ኣብ ቤት ማሕቡስ ሰፊሮም። ሓደ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ሓቂ ኣሎ፣ ሰብ ኣብዛ ዓለም ሓንሳብ እዩ ዝፍጠር፣ እቲ ዝመስሎ ድማ ይገብር። ኣማኑኤል ኣስራት ድማ ሓንሳብ ተፈጢሩ፣ ተጋዲሉ ብኣካል፣ ተጋዲሉ ብጽሑፍ፣ ተጋዲሉ ብግጠሚ። ፈጣሪ ዝሃቦ ሞቅነኑ፤ ንቒዱስ ዕላማ ተጠቒሙሉ። ኣማኑኤል ዳሃዩ ኣብ ዘይስማዕ ደልሃመት ይሃሉ እንበር እቲ ቃንኡስ ገና ኣይሃሰሰን። ወይልና ንሕና ቃናና ኣይስማዕ ታሪኽና ኣይስነድ፣ ሞቅነን ሂወትና ጃጂናን ሰብ ኣጃጂናን ንነብር ዘሎናን ንነብስና ንሕሰበላን ወዲ ኣስራትን፤ መዛንኡን ግን ልሳን ህዘቢ ኮይኖም እዮም። ኣብ ዝሃለዉ ጉዳጉድን ስንጭሮታትን ይሃልዉ ድማ፣ ኣብ ዝተሰወሩ ይሰወሩ፣ ቃሎም ኣይተሰረወረን ደልየትምን ባህጎምን ኣሎ ገና ኣይተሓከን።

ሞጎስ ያዕቆብ

መስከረም 10 2006